# ምንዳፍን ምውህሃድን ሕግታት

ግንቦት 2011

ሲሞፖዝየም ሚኒስትሪ ፍትሒ

ከረን

# ምንዳፍን ምውህሃድን ሕግታት

## መእተዊ

እዚ ንምንዳፍን ምውህሃድን ሕግታት ኤርትራ ዝምልከት ጽሑፍ ኣብ ዝሓለፉ ዕስራ ዓመታት ብሚኒስትሪ ፍትሒ ኣብ ዝተዓመሙ ስለስተ ዓበይቲ ስርሓት ዘተኮረ እዩ፧ እቲ ቀዳማይ ክፋል ኣብ ሓፈሻዊ መስርሕ ምንዳፍ ሕግታት ዘተኵር ኮይኑ እቲ ካልኣይ ክፋል ድማ ንመስርሕ ምንዳፍ ድብቱራት ሕግታት ኤርትራ ዝምልከት እዩ፧ ሚኒስትሪ ፍትሒ ካብ 1997 ኣትሒዙ ከሰላስሎ ንዝጸንሐ መስርሕ ምንዳፍ መሰረታውያን ድብቱራት ሕግታት ማለት ንግዳዊ ሕጊ፣ ሲቪላዊ ሕጊን ሲቪላዊ ስርዓትን፣ ከምኡ'ውን ገበናዊ ሕጊን ገበናዊ ስርዓትን ዝገልጽ'ዩ፡፡ እቲ ሳልሳይ ክፋል ድማ ንመስርሕ ምድላው ንድፊ ዝተወሃሃደ ሕግታት ኤርትራ ዝምልከት ኮይኑ። ኣብ ዝተፈላለዩ ኣዋጃትን ሕጋዊ ምልክታታትን ብተናጸል ንዝተኣወጁ ሕግታት ናይ ምጥርናፍን ምውህሃድን ስራሕ ከምኡ'ውን  ንትሕዝቶ እቲ ዝተዳለወ ንድፊ ዝገልጽ እዩ፧

## I. ሓፈሻዊ መስርሕ ምንዳፍ

ብዛዕባ መስርሕ ምንዳፍ ቅድሚ ምዝራብና ሕጊ ማለት እንታይ ማለት ምኳኑ ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ፧  ሕጊ ክንብል ከለና ቀሊል። ኩሉ ዝሰማምዓሉ ትርጉም ምርካብ ከጸግም ዝኽእል'ኳ እንተኾነ ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ግን ሕጊ ሰባት ኣብ ማሕበረ-ቍጠባዊን ካልኦት ዝምድናታቶም ርትዒን ሚዛንን ዝሓለወ ጠባያት ከም ዝህልዎም ንምግባር ከም መሳርሒ ኮይኑ ዘገልግልን ሰባት ንክምእዘዝዎ ብሓደ ስልጣን ዝተዋህቦ ኣካል ዝወጽእ ድንጋገታት'ዩ ተባሂሉ ክትርጎም ይኽእል፧  ሕጊ ኣድማዒ ተራ ንክጻወት ከኣ ተራ ባህሊ። ክብርታት። ከምኡ'ውን ስነ-ምግባር ሕብረተሰብ ዝኣመሰሉ ንባህርያት ደቅሰብ ምስ ዘማእዝኑ ሰረታት ተሳንዩን ተመላሊኡን ክኸይድ ዘለዎ መሳርሒ እዩ፧  ሕጊ ክበሃል ከሎ ከኣ ዝተፈላለየ ደረጃታትን ሓይሊን ክህልዎ ዝኽእል'ዩ፧  ኣብ'ቲ ዝለዓለ ጽፍሒ ናይ ሕጊ ቅዋም ክህሉ ከሎ። ኣዋጃት ከኣ ብደረጃ

ደድሕሪ ቅዋም ዝመጹ ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎም ዓይነት ሕግታት እዮም፡ ብድሕሪ ኣዋጃት ዝመጹን ንትግባረ ናይ ሓደ ኣዋጅ ብዝርዝራዊ መገዲ ዝገዝኡ ድንጋገታት ዝሓቑፉ ዓይነታት ናይ ሕጊ ከኣ ሕጋጋት ወይ ሕጋዊ ምልክታታት ብዝብል መጸውዒ ስም ዝፍለጡ ኮይኖም ድንጋገታት ናይ'ዞም ሕጋጋት ምስ ድንጋገታት ናይ'ቶም ኣዋጃት ተሳንዮም ክኸዱ'ምበር ዘይቃደዉ ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም፡ ዘይቃደዉ ምስዝኾኑ ድማ ተፈጻምነት ክህልዎም ኣይክእልን፡ ብድሕሪ ሕጋጋት ዝመጹ ከኣ መምርሒታት እዮም፡ እዚ ነቲ ኣብ ሃገርና እንሰርሓሎም ዘለና ዓይነታትን ደረጃታትን ሕግታት ንምግላጽ ኮይኑ ሓንቲ ሃገር ከከም እትኽተሎ ስርዓት-ሕግን ሃገራዊ ክውንነትን ግን ምስ ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነት ዝሳነ ኣገባባትን ደረጃታትን ሕግታት ክትክተል ትኽእል፡

ብመሰረት ኣዋጅ ቁጽሪ 9/1991 ወግዓውያን ሕግታት ኤርትራ ዝእወጁሉ "ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ወግዓዊ ሕጋዊ ልሳን መንግስቲ ኤርትራ ብሕጊ ቆይሙ፡ ስለዚ። ኣብ ኤርትራ ሕግታት ዝእወጁሉ ወግዓዊ ልሳን መንግስቲ "ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ" ተባሂሉ'ዩ ዝፍለጥ፡ ኣዋጃትን ሕጋጋትን ሕጋዊ ሓይሊ ክረኽቡ እንተደኣ ኮይኖም ብ"ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ" ተሓቲሞም ክወጹን ንህዝቢ ክዝርግሑን ኣለዎም፡

እዞም ሕግታት ብ"ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ" ተሓቲሞም ክወጹ ግን እንታይ ከማልኡ ኣለዎም? ሕግታት ኣብ ነንሕድሕዶም ውህደትን ስኒትን ክህልዎም ስለዘለዎ ዝቐርቡ ንድፍታት ምስ'ቶም ድሮ ተኣዊጆም ክስራሓሎም ዝጸንሑ ሕግታት ተሳንዮም ክኸዱ ዕቱብ ጻዕሪ ዝሓትት እዩ፡ ብመሰረት ዓንቀጽ 3.0 ናይ ኣዋጅ ቁጽሪ 1/1991 ከምኡ'ውን ዓንቀጽ 4(5) ናይ ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 14/1993 ሕግታት ምርቃቕን ምድብታርን ሓደ ካብ'ቶም ንሚኒስትሪ ፍትሒ ዝተዋህበዎ ስልጣንን ዕማማትን እዩ፡ ስለዚ ከኣ ነቲ ኣብ መብዛሕትኡ እዋን ብተበግሶን ውሽጣዊ ዓቕሚ ናይ'ተን ነቲ ብሕጊ ክግዛእ ዝድለ ዘሎ ዓውዲ ወይ ንጥፈታት ናይ ምቍጽጻር ስልጣን ዝተዋህበን ኣካላት መንግስቲ ወይ ምስ ብሕታውያን ኣማኸርቲ ሕጊን ካልኦት ሞያውያንን ብዝኣትወኦ ውዕል ተዳልዩ ዝቐርብ ቀዳማይ ንድፊ ናይ'ቲ ሕጊ ምስቲ ክንሰርሓሉ

ዝጸናሕና ሕግታት ንምጥዕዓሙን በቲ ዝድለ ናይ ሕጊ ቋንቋ ከም እተዳለወ ንምርግጋጽን ዕቱብ ስራሓት ይካየደሉ፡

ስለዚ ከኣ ነቲ ዝቐርብ ንድፊ ሕግታት ምስ'ቶም ድሮ ተኣዊጆም ዝስርሓሎም ዘለዉ ሕግታት ከም ዝሳነ ናይ ምግባርን ናብ'ቲ ክእወጀሉ ዝኽእል ደረጃ ከም ዝበጽሕ ጌርካ ንምድላው ዘድሊ ምትዕርራያት ምግባርን ድማ እጃም ሚኒስትሪ ፍትሒ እዩ፡ ኤርትራ ኣባል ንዝኾነትለን ኣህጉራውያን ውዕላትን ስምምዓትን ንምትግባር ዝወጹ ኣዋጃት ወይ ሕጋጋት ምስዝኾኑ ከኣ እቲ ዝቐረበ ንድፊ ምስቲ ዝፈረምናሉ ኣህጉራዊ ውዕል ወይ ስምምዕ ዘሰክመና ሓላፍነት ዝሳነ ኮይኑ ከም ዝተዳለወ ምርግጋጽ'ውን ከም ተወሳኺን ምስ'ዚ ዕማም'ዚ ተዛሚዱን ዝረአ ዕማም'ዩ፡ ብድሕሪ'ዚ እዋናውነትን ኣገዳስነትን ናይ'ቲ ዝቐረበ ንድፊ ምስቲ ንትግባረኡ ዝተገብረ ምድላዋትን ዝተዋደደ ትሕተ-ቅርጽን ብምግምጋም ድማ ብጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ከም ዝእወጅ ይኸውን፡

## II. መስርሕ ምንዳፍ መሰረታውያን ሕግታት ኤርትራ

ኣብ ግንቦት 1991 መላእ ሓርነት ኤርትራ ምስ ተረጋገጸ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝመሓደረለን ሕግታት ክህልዎ ግድነት ስለዝነበረ ነተን ብገዛእቲ ስርዓታት ኣብ ኤርትራ ክስርሓለን ዝጸንሓ ሕግታት መሰረታዊያን ዝበሃላ ምምሕያሻት ጥራይ ተገይሩለን ከም ናይ መሰጋገሪ እዋን ሕግታት ኮይነን ከገልግላ ተወሲኑ፡፡

እዚ ኮይኑ ግን ምስቲ ኣብ ሃገራዊ ቻርተርን ማክሮ ፖሊሲ ኤርትራን ዝሰፈረ መትከላትን ክብርታትን ዘሳኒ ሕግታት ናይ ምንዳፍ መስርሕ ክጅመር ስለዝነበሮ ሚኒስትሪ ፍትሒ ንነዊሕ ግዜ ከገልግል ዝኽእልን ነቲ ኣብ ዝተፈላለያ ዓወድታት ሕጊ ዝተበጽሐ ምዕባሌታት ኣብ ግምት ዘእተወን ንቅድሚት ዝጠመተን ሕግታት ናይ ምንዳፍ መስርሕ ካብ 1997 ጀሚሩ ክሰርሓሉ ጸኒሑ፡፡

ነዚ መስርሕ'ዚ ንምስልሳል ድማ ኣብ ዉሽጢን ወጻኢን ዝቕመጡ ኤርትራውያን፡ ከምኡ'ውን ክሕግዙ ይኽእሉ'ዮም ዝተባህሉ ወጻእተኛታት ብምውዳብ እቲ ስራሕ ተጀሚሩ፡፡

ቅድሚ ንድፊ'ዘን ሕግታት ምድላው ድማ ምስ ዘዝምልከተን ሰክተራት ብዝተኻየደ ኣኼባ ነቲ ዝዳሎ ንድፊ ከም መወከሲ ስራሕ ኮይኑ ዘገልግል ነጥብታት ክእከብ ተኻኢሉ፡፡

ብፍላይ ንንግዳዊ ሕጊ ብዝምልከት፡ ንናይ ዉሽጢ ሃገርን ወጻኢን ንግዲ ምቱእን ስሉጥን ሃዋሁ ዝፈጥር። ምዕቡል ትዉጊታት ባንክ ዘተኣታቱ፡ ልዕሊ ኩሉ ከኣ ንናይ ዉሽጢ ሃገርን ናይ ደገን ወፍሪ ማዕጾ ዝኸፍት፡ ንቅድሚት ዝጥምት፡ ዘጋላብጥን ዘተዓጻጽፍን ከም ዝኸዉን ንምግባሩ ኣብ ጽላት ቁጠባ ንዝዋስኡ መንግስታዉያንን ብሕታዉያንን ኣካላትን ብምዕዳም ፈላሚ ርክብ ተኻይዱ።

ካብዚ ብተወሳኺ ነተን ኣብ ጽላት ንግዲ ብቀረባ ዝዋሳኣ ኣካላት ቅዳሕ ንድፊ ንግዳዊ ሕጊ ኤርትራ ተዋሂብወን ኣብ ዘዝምልክተን ክፋል ናይቲ ሕጊ ብጽሑፍ ርእይቶ ሂበናሉ። ኣብ ርእሲ'ዚ ኮሚተ ምምሕያሽ ሕጊ ምስ ሽማግለ ሰክተራት (ጽላት) ንግዲ ፍሉይ ኣኼባ ኣካዪዳ ርእይቶታት ኣኪባ። ንተሸረፍቲ ሰነዳትን ባንካዊ ትዉጊታትን ብዝምልከት ከኣ ምስ ወከልቲ ባንክታትን ፋይናንስያዉያን ትካላትን ርክባት ኣካዪዳ ርእይቶታት ኣኪባ።

ብተመሳሳሊ ድማ ንገበናዊ ሕጊ ምስ ስነ-ስርዓቱ ብዝምልከት ቅድሚ ናይ ምንዳፍ ስራሕ ምጅማሩ እንታይ ክመስል ከምዘለዎን እንታይ እንታይ ክሓቁፍ ከም ዝግብኦን ንምዝታይ ሓደ ናይ መማኸርቲ ጉባኤ (Consultation Session) ብምውዳብ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1997 ዘተ ተኻዪዱ።

ብእኡ መሰረት ከኣ ኣብ 1998 ቀዳማይ ንድፊ ክቐርብ ከሎ። ኣብ ለካቲት 1999 ካልኣይ ንድፊ ገበናዊ ሕጊ ቀሪቡ። ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2003 ንደያኑን ኣኽበርቲ ሕግን ስልጠና ብምዉዳብ ሃነጽቲ ርእይቶታት ክእከብ ተኻኢሉ። ነቲ ክቐርብ ዝጸንሐ ርእይቶታት ምርኩስ ብምግባር ከኣ ነተን ንድፊ ሕግታት ምስ ክብርታት ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ልምዳዊ ሕግታትን ክዉንነት ኤርትራን ዝያዳ ንምስናየን ኣተግበርቲ ናይ'ቲ ገበናዊ ሕጊ ናይ ዝኾናን ብቐረባ ዝምልከተንን ኣካላት

መንግስቲ ብኣባላቶም ዝተወከሉላ ኮሚተ ብምቛም ቀጻሊ ርክባት ብምክያድ ንምትዕርራዩ ክጸዓረሉ ጸኒሑ። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብቲ ንድፊ ገበናዊ ሕጊ ተመርኲሱ ዝወሃብ መቕጻዕትታት ኣቐዲሙ ተፈላጢ፣ ንተመሳሰልቲ ገበናት ተመሳሳሊ መቕጻዕቲ ዝድንግግ፣ ዘይምዕሩይነት ናይ ኣወሳስና መቕጻዕቲ ዘወግድን ምስተን ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ መትከላት ፍትሒ ዝሳነ ንምግባሩን ንኣሳራርዓ ገበናትን መቕጻዕቶምን ብዝምልከት ነቲ ንድፊ ምትዕርራያት ክግበረሉ ጸኒሑ እነሆ ሕጂ ናይ መወዳእታ መልክዑ ሒዙ ኣሎ።

ንድፊ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት'ዉን በቶም ንንድፊ ገበናዊ ሕጊ ዘዳለዉ ናይ ደገ ኪኢላታት ኣብ ሰነ 2000 ቀዳማይ ንድፊ ክቐርብ ከሎ፣ ከምቲ ንንድፊ ገበናዊ ሕጊ ዝተኻየደሉ ተመሳሳሊ መስርሕ ሓሊፉ ካልኣይ ንድፊ ከኣ ኣብ ግንቦት 2001 ቀሪቡ ምስ ባህሊ፣ ልምዲ፣ ክብርታትን መትከላትን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ብግቡእ ንምስናዩ ዘድሊ ናይ ምትዕርራይ፣ ምጽዕዳዉን ትርጉምን ስርሓት ተኻዪዱሉ።

ንክልቲኣን ንድፊ ሕግታት ብዝምልከት ካልኦት ሚኒስትሪታትን መንግስታዉያን ትካላትን ኣብ ዘዝምልከተን ክፋል ምእንታን ርእይቶ ክህባሉ ቅዳሕ ናይዚ ንድፊ ሕግታት ተላኢኹለን በብወገነን ርእይቶታተን ሂበናሉስ ሕጂ ናይ መወዳእታ መልክዑ ሒዙ ይርከብ።

ንድፊ ገበናዊ ሕግና ነቶም ዝለዓለ ኣቓልቦ ዝሓቱ ከም ስለያ። ክድዓት። ብልሽዉና። ስርቂን ምጥፍፋእን። ካልኦት ብህርፋን ገንዘብ ወይ ብሕታዊ ረብሓ ዝፍጸሙ ገበናትን። ኣካላዊ ጉድኣት ዘውርዱ ገበናትን ነቲ ከስዕብዎ ዝኽእሉ ዕንወታት ንምግታእ ብዝሕግዙ። ምስ ክብደቶምን ኣብ ክብርታት ሕብረተሰብ ከስዕብዎ ምስ ዝኽእሉ ሃስያን ዝመጣጠን መቕጻዕትታት ተደንጊጉሎም ይርከብ፡ ብተወሳኺ እቶም ገበነኛታት ንዘውረድዎ ዕንወት። ንዝተጠቕሙሉ መሳርሒ። ብዝሒን ምድግጋምን ዝፈጸምዎም ገበናት ኣብ ግምት ዘእተወ ምክባድ መቕጻዕትታት ድማ ገታኢ ተራ ክህልዎን ንዝውታረ ናይ'ቲ ገበን ከጉድልን ትጽቢት ተገይሩሎም ካብ ዝተኣታተዉ ኣገባባት ኣቀጻጽዓ እዮም፡

ኣብ ንድፊ ገበናዊ ሕግና ከበድቲ ገበናት ካብ ደረጃ 1-9 ከቢድ ገበናት። ፈኲስቲ ከበናት ከኣ ካብ ደረጃ 1-3 ፈኲስ ገበናት ኣብ ዝተኸፋፈሉ ምድባት ተሰሪዖም ኣለዉ፡

ብደረጃ ሓደ ከቢድ ገበን ናይ ገበነኛ ፍርዲ ኣብ እተወሰነሉ እዋን። ቤት ፍርዲ ንክሱስ ንናይ ሕልፈት ማእሰርቲ። ወይ ብፍሉይ ብሕጊ እንተተፈቒዱ ንሞት ወይ ካብ 23 ዓመት ዘይትሕት ካብ 27 ዓመት ዘይልዕል ዉሱን ማእሰርቲ ክፈርዶ ይኽእል፡ ብደረጃ ክልተ ከቢድ ገበን ናይ ገበነኛ ፍርዲ ኣብ ዝውሰነሉ እዋን ቤት ፍርዲ ንክሱስ ንናይ ሕልፈት ማእሰርቲ። ብፍሉይ ብሕጊ እንተተፈቒዱ ንሞት ወይ ካብ 19 ዓመት ዘይትሕት ካብ 23 ዓመት ዘይልዕል ዉሱን ማእሰርቲ ክፈርዶ ይኽእል፡ ብደረጃ ሰለስተ ከቢድ ገበን ናይ ገበነኛ ፍርዲ ኣብ እተወሰነሉ እዋን ውሳኔ ቤት ፍርዲ ንክሱስ ካብ 16 ዓመት ዘይትሕት ካብ 19 ዓመት ዘይልዕል ዉሱን ማእሰርቲ ክፈርዶ ይኽእል፡ ብደረጃ ኣርባዕተ ከቢድ ገበን ናይ ገበነኛ ፍርዲ ኣብ እተወሰነሉ እዋን ውሳኔ ቤት ፍርዲ ንክሱስ ካብ 13 ዓመት ዘይትሕት ካብ 16 ዓመት ዘይልዕል ዉሱን ማእሰርቲ ክፈርዶ ይኽእል፡ ብደረጃ ሓሙሽተ ከቢድ ገበን ናይ ገበነኛ ፍርዲ ኣብ እተወሰነሉ እዋን ውሳኔ ቤት ፍርዲ ንክሱስ ካብ 10 ዓመት ዘይትሕት ካብ 13 ዓመት ዘይልዕል ዉሱን ማእሰርቲ ክፈርዶ ይኽእል፡ ብደረጃ ሽዱሽተ ከቢድ ገበን ናይ ገበነኛ ፍርዲ ኣብ እተወሰነሉ እዋን ውሳኔ ቤት ፍርዲ ንክሱስ ካብ 7 ዓመት ዘይትሕት ካብ 10 ዓመት ዘይልዕል ዉሱን ማእሰርቲ ክፈርዶ ይኽእል፡ ብደረጃ ሸውዓተ ከቢድ ገበን ናይ ገበነኛ ፍርዲ ኣብ እተወሰነሉ እዋን ውሳኔ ቤት ፍርዲ ንክሱስ ካብ 5 ዓመት ዘይትሕት ካብ 7 ዓመት ዘይልዕል ዉሱን ማእሰርቲ ክፈርዶ ይኽእል፡ ብደረጃ ሸሞንተ ከቢድ ገበን ናይ ገበነኛ ፍርዲ ኣብ እተወሰነሉ እዋን ውሳኔ ቤት ፍርዲ ንክሱስ ካብ 3 ዓመት ዘይትሕት ካብ 5 ዓመት ዘይልዕል ዉሱን ማእሰርቲ ክፈርዶ ይኽእል፡ ብደረጃ ትሽዓተ ከቢድ ገበን ናይ ገበነኛ ፍርዲ ኣብ እተወሰነሉ እዋን ውሳኔ ቤት ፍርዲ ንክሱስ ካብ 1 ዓመት ዘይትሕት ካብ 3 ዓመት ዘይልዕል ዉሱን ማእሰርቲ ክፈርዶ ይኽእል፡ ኣብ ናይ ደረጃ ሓደ ፈኲስ ገበን ውሳኔ። ቤት ፍርዲ ንክሱስ ካብ 6 ወርሒ ዘይትሕት ካብ 12 ወርሒ ዘይልዕል ዉሱን ማእሰርቲ ክፈርዶ ይኽእል፡ ከምኡ'ውን ካብ 20,001- 50,000 ናቕፋ ክፍሊት ከቕጽዖ ይኽእል፡ ኣብ ናይ ደረጃ ክልተ ፈኲስ ገበን ውሳኔ። ቤት ፍርዲ ንክሱስ ካብ 1 ወርሒ

ዘይትሕት ካብ 6 ወርሒ ዘይልዕል ዉሱን ማእሰርቲ ክፈርዶ ይኽእል ወይ’ውን ካብ 5001-20,000 ናቕፋ ክፍሊት ክቐጽዮ ይኽእል፡ ኣብ ናይ ደረጃ ሰለስተ ፈኵስ ገበን ውሳኔ ቤት ፍርዲ ንክሱስ ካብ 1 ወርሒ ዘይልዕል ዉሱን ማእሰርቲ ክፈርዶ ይኽእል ወይ’ውን ካብ 500-5,000 ናቕፋ ክፍሊት ክቐጽዮ ይኽእል፡

ንንድፊ ሲቪላዊ ሕጊ ብዝምልከት ኣብ ከም ምዝገባ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝኣመሰላ ኣርእስትታት ሚኒስትሪ መሬት፣ ማይን ኣከባብን ነቲ ዝቐረበ ንድፊ መርሚሮም ርእይቶ ከም ዝሀቡሉ ተገይሩ።

ቀዳማይ ንድፊ ናይ ሓሙሽቲኣን ድብቱራት መሰረታውያን ሕግታት ኣብ ዘዝቐረበሉ እዋናት እታ ብናይ ሕጊ ሰብ ሙያ ዝኾኑ ኣባላት ሚኒስትሪ ፍትሒ፣ ጠበቓታት፣ መምህራን ዩኒቨርስቲን፣ ኣብ ካልኦት ትካላት ዝሰርሑ ምኩራት ናይ ሕጊ ሰብ ሙያን ዝቖመት ኮሚተ ምምሕያሽ ሕጊ ዓንቀጽ ብዓንቀጽ ዘትያትሉም። ንዝተፈላለያ ሚኒስትሪታትን ካልኦት መንግስታዉያን ትካላትን ቅዳሕ ተላኢኹለን ከኣ ኣብ ዘዝምልከተን ክፋል ርእይቶታት ሂበናሉ እየን፡

ብዘይካ'ዚ ዝተፈላለዩ ወከልቲ ሚኒስትሪታትን ካልኦት መንግስታውያንን ብሕታውያንን ትካላት። ዝተሳተፍዎ ዓውደ-መጽናዕትታት በብእዋኑ ብምውዳብ ኣብተን ተዳልየን ዘለዋ ንድፍታት ናይ ሓሙሽቲኡ ሕግታት ዘተ ከም ዝካየደለን ተገይሩ። ኣብ ወርሒ መጋቢት 1998 ንንድፊ ንግዳዊ ሕጊ ብዝምልከት ሰፊሕ ተሳትፎ ዝነበሮ ዓውደመጽናዕቲ ክካየድ ከሎ ንንድፊ ሲቪላዊ ሕጊ ብዝምልከት ከኣ ክልተ ዓዉደ-መጽናዕታት ተኻዪዱ፡፡ እቲ ቀዳማይ ኣብ 1998፣ እቲ ካልኣይ ከኣ ኣብ መስከረም 2001 ዝተኻየደ’ዩ። እቲ ብተመሳሳሊ መገዲ ዝተወደበ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 1998 ንንድፊ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ፣ ኣብ ታሕሳስ 2000 ከኣ ንንድፊ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ኤርትራ ብዝምልከት ዝተኻየደ ዓዉደ-መጽናዕቲ ከኣ ሰፊሕ ተሳትፎ ናይ ዝተፈላለያ ኣካላት ዝነበሮ’ዩ ነይሩ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣብ ሲቪላዊ ሕጊ እቲ ዝያዳ ኣቓልቦ ዝሓትት ሕጊ ስድራቤትን ውርሻን ምስ ባህልን ልምድን ሕብረተሰብ። ምስ ክብርታትን መትከላትን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ክሳነ ምእንቲ ዕቱብ ጻዕሪ ተኺዱ'ሉ፡

## III. ምጥርናፍን ምውህሃድን ሕግታት ኤርትራ

ኣብ ኤርትራ ካብ ጊዜ መግዛእቲ ኣትሒዙ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ዝወጹ ሕግታት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣዋጃትን ሕጋዊ ምልክታታትን ፋሕ ኢሎምን ተበታቲኖምን ይርከቡ፡ ዝበዝሑ ካብዚኣቶም ምስ ምውዳቕ መግዛእታዊ ስርዓታት ተግባራውነቶም ዘብቅዑ ክኾኑ ከለዉ ገሊኦም ግና ድሕሪ ናጽነት'ውን እንተኾነ ዝስራሓሎም ሕግታት እዮም፡

ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዝተኣወጁ ኣዋጃት ኮነ ሕጋዊ ምልክታታት እውን እንተኾነ ተፈጻምነቶም ዘብቅዐ። ድሒሮም ብዝተኣወጁ ኣዋጃት ዝተመሓየሹን ዝተሰረዙን ሕግታት ይርከቡ፡ ብዘይካ'ዚ ብትሕዝቶን መንፈስን ነንሕድሕዶም ዘይቃደዉ ድንጋገታት ዝሓዙ ሕግታት ሓሓሊፎም ይረኣዩ፡ ሕግታት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣዋጃት ፋሕ ኣቢልካ ናይ ምውጻእ ተርእዮ ኣብ ሃገርና ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ካልኦት ተኸተልቲ ሲቪላዊ ሕጊ ዝኾና ሃገራት'ውን (civil law countries) ዝረአ'ዩ፡ ኣብ መብዛሕትኦን ሃገራት። ተፈጻምነቶም ዘብቅዑ። ብሰንኪ ብዝሕን ንውሓት ግዜን ብቀሊሉ ምርካቦም ዘጸግሙ። ብግቡእ ዘይተደብተሩን ነንሕድሕዶም ዘይቃደዉ ትሕዝቶታት ዝሓዘሉን ኣዋጃት ኣብ ተግባር ይውዕሉ'ዮም፡

ሕግታት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣዋጃት ተበታቲኖም ምስ ዝስራሓሎም ዝተፈላለየ ጸገማት ምፍጣሮም ኣይተርፍን'ዩ፡ እዞም ጸገማት ብኣጋ እንተዘይተፈዊሶም ድማ  ሕጊ ኣብ ልዕሊ ዜጋታትን ጉዳያትን ዘለዎ ሓይሊን ትግባረን  ብዓቢኡ ክብሕጎግን ክዳከምን ወይ ከኣ ፈጺሙ ክጠፍእ ይኽእል'ዩ፡

ተግበርትን ተርጎምትን ሕጊ ድማ ኣብ መስርሕ ትግባረን ምትርጓምን ሕግታት ንኩሎም ፋሕ ዝበሉ ሕግታት ኣብ ምዝማድ ተወሳኺ ጊዜን ጉልበትን የጥፍኡ፡ እዚ ኸኣ ምጉታት ውሳኔታትን ዘይዕግበት ኣብ ሰብ ጉዳይን ክፈጥርን ይኽእል፡ ብዘይካ'ዚ

ኣብ ኣዋጃት ካብ ዝሰፈሩ ሕግታት ኣየኖት ተፈጻምነቶም ዓቂቦም ከም ዘለዉ ክረጋገጹሉ ዝኽእል መወከሲ ስለዘየሎ ነቲ ሕጊ ግምታዊ ትርጉም ክህቡዎ ይግደዱ፣ ዜጋታት'ውን እንተኾኑ ብዛዕባቶም ዘለዉና ኩሎም ኣዋጃት ንጹር ሓበሬታ ስለዘይረኽቡ ኣብ ሞንጎ'ቶም ዝወጹ ሕግታት ብዛዕባ ዘሎ ፍልልያትን ዝምድናን ዝህልዎም ኣፍልጦ ትሑት ይኸውንን ብዛዕባ መሰላቶም ብግቡእ ክሙጉቱ የጸግሞምን፣

ሕግታት ዝነድፉ ሓገግቲ ኣካላት'ውን እንተኾኑ ምስ'ቲ ኣቕድም ኣቢሎም ዘውጽእዎም ሕግታት ብትሕዝቶን መንፈስን ዝሳነ ሕግታት ንምውጻእ ንኹሉ ሕግታት ዝምልከት ናይ ቀረባ መወከሲ ስለዘይረክቡ ሓደስቲ ሕግታት ምስቶም ዝቐደሙ ሕግታት ዝህልዎም ዝምድና ዝተበታተኸን ኣብ ልዕሊ ተጠቀምቱ ምድንጋራት ዝፈጥር ክኸውን ይኽእል፣

ብድሕሪ መላእ ሓርነት ኤርትራ፣ ብጀካ'ቶም ንመሰጋገሪ እዋን ከገልግሉ ዝተኣወጁ ድብቱራት ሕግታት ካልኦት ኣብ ዝተፈላለየ ዓዉድታት ብጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ተሓቲሞም ዝወጹ ኣዋጃታትን ሕጋጋትን ተኣዊጆም ኣለዉ። ዛጊት ሓደ ሚእቲን ሱሳን ሰለስተን (163) ኣዋጃትን ሓደ ሚእቲን ዓሰርተ ሸሞንተን ሕጋጋትን (118) ዝተኣወጁ ኮይኖም፣ ቁጽሪ ናይ'ዞም ሕግታት እዚኦም በብእዋኑ ይዉስኽ ስለዘሎ ንምዉካሶም ኣጸጋሚ ክኾኑ ጀሚሮም ኣለዉ።

ሓደ ካብቶም ነዞም ዝተጠቐሱን ካልኦትን ጸገማትን ንምውጋድ ዝሕግዙ ኣገባባት ድማ ነቶም ሕግታትካ ስነ-ሞጎታዊ ዉዳበ ብዝተኸተለ ኣገባብ ምጥርናፎምን ምዉህሃዶምን'ዩ። ምጥርናፍን ምውህሃድን ሕግታት ሓድሽ ዝተኣታተወ ኣሰራርሓ ዘይኮነስ ብዝተፈላለያ ሃገራት ንነዊሕ እዋን ክስርሓሉ ዝጸንሐ'ዩ፣

ዝተፈላለያ ሃገራት ሕግታተን ብዝተፈላለየ ኣገባባት ይጥርንፋን የወሃህዳን። ገለ ካብ'ዘን ሃገራት ን'ኹሉ'ቲ ሕግታተን ከም ብሓድሽ ብምኽላስ ኣብ ሞንጎኦም ንዘሎ ዝምድናታት ድሕሪ ምንጻር ነቲ ሓድሽ ዝተኸለሰ ሕግታት ከም ሓደ ሰነድ ብምጥርናፍ ክስርሓሉ ብኣዋጅ ይእውጃ፣ ገለ ሃገራት ግን እቲ ዝተጠርነፈ ሕግታት

ሓዲሽ ሕጋዊ ሓይሊ ከይተዋህቦ ኣብ ትግባረ ሕጊ ከም መወከሲ ጥራይ ንኸገልግል ብምባል ጥራይ ይጥቀማሉ፡

ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተፈላለዩ ኣዋጃት ፋሕ ኢሎም ንዝርከቡ ሕግታትና ናይ ምጥርናፍን ምውህሃድን ስራሕ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2004 ተጀሚሩ። ኣብ ወርሒ ለካቲት 2007 ድማ ተዛዚሙ፡ ሕግታት ብዘይምጥርናፎም ከጋጥም ንዝኽእል ጸገማት ከወግድ ትጽቢት ዝግበረሉ ንሕግታት ኤርትራ ብዝተጠርነፈን ዝተወሃሃደን መልክዑ ዝሓቖፈ መጽሓፍ ብደረጃ ንድፊ ተድልዩ ይርከብ፡

እዚ መጽናዕታዊ ወረቐት ከኣ ንመስርሕ ምድላውን ትሕዝቶን እቲ ንድፊ ። ከምኡ'ውን ነቲ ንድፊ ኣብ ምድላው ኣብ ዘጋጠሙ ጸገማት ኣቶኪሩ ዝቐረበ'ዩ፡

## 3.1. <u>ንድፊ ጥርኑፍን ውሁድን ሕግታት ኤርትራ</u>

### 3.1.1. <u>*ዕላማታት*</u>

- *ነፍስወከፍ ሚኒስትሪ። ኣካላት መንግስትን ካልኦት ትካላትን እቲ ንዕ ኦም ዝምልከቶም ሕግታት ሓደ ብሓደ ንምፍላጥን ኣብ ንሓድሕዱ ዘለዎ ምትእስሳር ንምጽናዕ*:
- *እቲ ሕግታት ንሓድሕዱ ተኣሳሲሩ ከምዝቐርብ ኮይኑ ስለእተዳለወ። ኣብ ዝኾነ ንሕጊ ዝምልከት ኣርእስቲ ዝጎደለ ነገር* (Lacuna) *እንተሎ ብቐሊሉ ንምልላዩን መፍትሒ ንኽርከበሉን ከም መበገሲ ንክኸውን*:
- *መሰረታዊ ሕግታት* (Codes) *ተኣዊጁ ኣብ ግብሪ ክውዕል ምስተጀመረ። ኣብ ትሕቲ እቲ መሰረታዊ ሕግታት ተጠርኒፉ ክስርሓሉ ዝግባእ ነፍስወከፍ ኣዋጅ። ድንጋጌታት። ሕጋጋትን መምርሒታትን ምስቲ መሰረታዊ ሕግታት ከምዝሳነ ንምርግጋጽ*:

- ብዛዕባ ምስ ሕግታት ኤርትራ ሓደ ዝተኣሳሰር ዝኾነ ይኹን መጽናዕቲ (Research) ምግባር እንተኣድለየ ድማ እቲ መጽናዕቲ ዝገብር ትካል ንኹሉ ምስቲ ኣርእስቲ ናይቲ መጽናዕቲ ምትእስሳር ዘለዎ ሕግታት ብቐሊሉ ንክረኽቦን ክጥቀመሉን ምሉእ ሓበሬታ ንምሃብን:
- ኣብያተ ፍርዲ ኮነ እኽበርቲ ሕጊ ብዛዕባ እት ነቲ ዝከታተልዎ ጉዳያት ዝገዝእ ሕግታት ምሉእ ሓበሬታ ክረኽቡን እቲ ቅኑዕ ሕጊ ኣለልዮም ንኽጥቀሙሉ።
- ብዓቢኡ ድማ ህዝቢ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ኣብግብሪ ዝስርሓሉ ኩሉ ሕግታት ብቐሊል መገዲ ሓበሬታ ንኽረክብን ብዛዕባ ሕጊ እኹል ኣፍልጦ ንክህልዎን ሓጋዚ ተራ ኣለዎ፡

## 3.1.2. <u>ንድፊ ዘጠቓለሎም ሕግታት</u>

ንድፊ ጥርኑፍን ውሁድን ሕግታት ኤርትራ ካብ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ኣትሒዙ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ንዝወጹ ኣዋጃትን ሕጋዊ ምልክታታትን ዘጠቓለለ 2016 ገጻት ዝሓቖፈ መጽሓፍ'ዩ፡

ዛጊት ካብ ዝተረኽቡ ሰነዳት። ቅድሚ ናጽነት ኣብ ኤርትራ ካብ ጊዜ መግዛእቲ ጣልያን ኣትሒዙ ብዝተፈላለዩ ገዛእቲ ዝወጹን ክሳብ ሕጂ ተግባራውነቶም ዘየብቅዐን ሕግታት'ኳ እንተሃለዉ ኣብቲ ንድፊ ግና ኣይተጠቓለሉን ኣለዉ፡ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ኩሎም'ቶም ተግባራውነቶም ዘየብቅዐ መግዛእታዊ ሕግታት ኣብ ሓጺር ጊዜ ክርከቡ ዘይምኽኣሎም'ዩ፡ ኣብ ኤርትራ ዝስራሓሎም ዝነበሩ ሕግታት። ብዘይካ'ቶም ውሑዳት  ኣብ መግዛእታዊ ትካላት ዝጸንሑ። ንኩሎም ሕግታት ምርካብ ኣጸጋሚ ነይሩ፡

ካብ ሃገራዊ ቤተመዘክር። ቤትጽሕፈት ምምሕዳር ከተማ ኣስመራን ካልኦት ውሑዳት መንግስታውያን ትካላትን። ቅዳሕ ናይዞም መግዛእታውያን ሕግታት ንምርካብ ፈተነታት'ኳ እንተተኻየደ ንኹሉ'ቲ ሕግታት። ብዘይ ዝኾነ ጉድለት ወይ ብዝተማለአ

ኣገባብ ከምዝተኣከበ ንምፍላጥ ዝሕግዝ መወከሲ (Reference) ብዘይምንባሩ። እቲ ፈተነ ምሉእ ብምሉእ ክዕወት ኣይኽኣለን፡ እተን ዝተረኽባ ሕግታት'ውን እንተኾና ዝተጻሕፋሉ ቋንቋታት ምርዳእን ምትርጓምን ዝሓትት'ዩ ኔሩ፡ ክሳብ ግዜ ናጽነት ዝነበሩ ናይ ጣልያን። እንግሊዝን ኢትዮጵያን ሕግታት ካብ ቋንቋታት እንግሊዝ ወጻኢ ብጣልያንን ኣምሓርኛን ዝተጻሕፉ ክኾኑ ከለዉ። ንኹሎም ሕግታት ናይ ምእካብን ምትርጓምን ዕማም ንውሕ ዝበለ ግዜ ዝወስድን ነቲ ዕማም ጥራይ ተባሂሉ ብፍሉይ ዝተወደበ እኹል ሓይሊ ሰብ ዝሓትት ስለዝኾነን። እዚ ተዳልዩ ዘሎ ንድፊ ብድሕሪ ናጽነት ኣብ ዝወጹ ሕግታት ጥራይ ክሕጸር ተገዲዱ፡

### 3.1.3. ድሕሪ ናጽነት ዝወጹ ሕግታት። መስርሕ ምጥርናፎምን ምውህሃዶምን

ንድፊ ጥርኑፍን ውሁድን ሕግታት ኤርትራ። ድሕሪ ናጽነት ንዝወጹ 156 ኣዋጃትን። 114 ሕጋዊ ምልክታታትን 8 መኣረምታታትን የጠቓልል፡ እቲ ንድፊ ብቋንቋ እንግሊዝ ዝተጻሕፈ ኮይኑ። እቶም ብቋንቋ ትግርኛ ጥራይ ዝተጻሕፉ ሕግታት ግና ከምዘለውዎ ኣትዮም ይርከቡ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ንድፊ ዝተጠቓለሉን ኣብ ግብሪ ዝውዕሉን ሕግታት ብዝተፈላለዩ ምዕራፋትን ንኡስ ምዕራፋትን ተመቓቒሎም ዝኣተዉ ክኾኑ ኸለዉ። ዝርዝርን ትሕዝቶን ናይቶም ተፈጻምነቶም ዘብቀዐ። ብዝተፈላለዩ ኣዋጃት ዝተሰረዙ ሕግታት ከኣ ብመልክዕ ጥብቆ (annex) ሰፊሮም ይርከቡ፡ ካብዚ ብተወሳኺ እቲ ጥብቆ (annex) ትሕዝቶ ናይቶም ብዝተፈላለዩ ኣዋጃት ዝተሰረዙ ዓንቀጻት ናይ ዝተፈላለዩ ሕግታትው'ን የጠቓልል፡

ካብቶም ኣብ ተግባር ዝወዓሉ ሕግታት ነቶም ብኣርእስትን ትሕዝቶን መንፈስን ተመሳሳልነት ንዘለዎም ኣዋጃትን ሕጋዊ ምልክታታትን ተፈልዮም ኣብ ትሕቲ 38 ዝተፈላለዩ ኣርእስታት (ምዕራፋት) ኣትዮም ይርከቡ፡ ኩሎም'ቶም ኣብ ትሕቲ ሓደ

ኣርእስቲ ዝተኣከቡ ሕግታት ብንኡስ ኣርእስታት ብምምቕቃል ብመሰረት ዝተኣወጅሉ ዓመት ተሰሪዖም ይርከቡ፡[1]

## 3.2. ተወሳኺ

1. ኣብቲ ንድፊ ዝኣተዉ ሕግታት ንዝተጻሕፉሉ ቋንቋ። ኣጠቓቕማ ቃላት። ቁጽርታት ኣሰራርዓ። ትሕዝቶን መንፈስን ናይቶም ኣብ ውሽጦም ዝሰፈሩ ዓንቀጻትን ምዕራፋትን ዝኾነ ይኹን ለውጢ። ምእራምን ምምሕያሽን ኣይተገበረን፡
2. ኣብቲ ንድፊ ካብ ዝኣተዉ 278 ሕግታት። 20 ኣዋጃትን ሕጋዊ ምልክታታትን ዝተሰረዙን ተግባራውነቶም ዘብቅዐን'ዮም፡ ካብቶም ኣብ ተግባር ዝወዓሉ ሕግታት 169 ዓንቀጻት። ምዕራፋትን ሰሌዳታትን ተሰሪዞም ዝወጹ ኢዮም፡
3. ንድፊ ጥርኑፍን ውሁድን ሕግታት ኤርትራ ዛጊት ዋላ ሓደኳ ሕጊ ዘይወጸሎም ኣገደስቲ ኣርእስታት ሒዙ ይርከብ፡ ካብ ዘጠቓለሎም 38 ኣርእስታት ሓሙሽተ ኣርእስታት ብዝምልከት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣዋጃት ፋሕ ብዝበሉ ዓንቀጻት እምበር ነብሱ ዝኸኣለ ኣዋጅ ወይ ሕጋዊ ምልክታ ከምዘይብሎም ተመልኪቱ ኣሎ፡ እዚ ከኣ ንኣገዳስነት እተን ኣርእስታት ኣብ ግምት ብምእታው ሓገግቲ ኣካላት ንመጻኢ ሕግታት ከውጽኡለን ንምዝኽካር ዝዓለመ እዩ፡
4. ተዳልዩ ዘሎ ንድፊ ውዱእ ስራሕ ኣይኮነን፡ ምስ ቀጻልነት ምእዋጅ ኣዋጃትን ሕጋዊ ምልክታታትን እናተመሓየሸን እናዓበየን ዝኸይድ ሰነድ እዩ፡ ብድሕር'ቲ ንድፊ ንዝወጹ ኣዋጃት እናኣከብካ ናይ ምእታው ዕማም ቀጻልነት ዘለዎ ስራሕ እዩ፡

---

[1] ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ንዘለዋ ኣርእስታት ዝሓቁፍ ዝርዝር ሕግታት ኣብ ጥብቆ ቁ.1 ተመልከት

## IV. ኣብ መሰጋገሪ ሕግታትና ዝጸንሑና ጸገማት

**እዞም መሰጋገሪ ሕግታት እዚኦ'ቶም ኣብ ልዕሊ'ቲ ምስ ራእያትን ፖሊሲታትን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ በብግዜኡ እናተሳነዩ ኪኸዱ ዝግብኦም ምንባሮም ሀ) ብህዝቢ ብዙሕ ተፈላጥነት ዘይጸንሖም ምኳኖም ለ) መብዛሕትኡ ህዝቢ ብዝርድኦ ቋንቋ እተጻሕፉ ዘይምኳኖም። ሐ) እዞም ሕግታት እዚኣቶም። ብፍላይ ድማ ገበናዊ ሕጊ። ብዝነበሮም ክፍተት ንተመሳሰልቲ ጉዳያት ዝተፈላለዩ ውሳኔታት ንክወሃቡ ነቓዓት ዝኸፍቱ ምንባሮም። መ) እቲ ዝተዳለወ ጥርኑፍን ውሁድን ሕግታት ኣብ መጽሓፍ ተሓቲሙ ክዝርጋሕ ዘይምኽኣሉ ካብ'ቶም ክጥቀሱ ዝኽእሉ ሕጽረታትና ስለዝኾኑ ኣብ ናይ መጻኢ መደባትና ኣትዮም ካብ ዘለው እዮም፣**

## ጥብቆ ቁ.1

# ኣብ ንድፊ ዝተጠቓለሉ ሕግታት ዝርዝር

**Section 1- Constitution**

1. Proclamation N...55/94 - A Proclamation To Provide For The Establishment Of The Constitutional Commission
2. Proclamation No. 92/96-A Proclamation Issued to Establish the Constituent Assembly.
3. The Constitution Of Eritrea

**Section 2- Executive and ministerial organization**

1. ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 14/1993- ስልጣንን ዕምማትን ሚኒስትሪታት፣ ኮሚሽናት፣ በዓል መዚ.ታትን ኣብያተ ጽሕፈትን መንግስቲኤርትራ ንምውሳን ዝወጸ ሕጋዊ ምልክታ
2. ኣዋጅ ቁጽሪ 37/1993- ኣቃውማን ስልጣንን ዕማማትን መንግስቲ ኤርትራ ንምውሳን ዝወጸ ኣዋጅ
3. ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 16/1994 - ኣቃውማ ሚኒስትሪታት፥ ኮሚሽናትን፥ በዓል መዚ.ታትን መንግስቲ ኤርትራ ንምውሳን ዝወጸ ሕጋዊ ምልክታ፡፡

**Section 3- Electoral Laws and Legislature**

1. Eritrean Referendum Proclamation No.22/1992
2. ኣዋጅ ቁጽሪ 140/2004- ኣዋጅ ምርጫ ባይቶ ዞባታት

**Section 4- Courts and Justice**

1. ኣዋጅ 1 -መሰጋገሪ ትካላት ምምሕዳር ፍትሒ ኤርትራ
2. ኣዋጅ 2 -መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ
3. ኣዋጅ 3 -መሰጋገሪ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ኤርትራ
4. ኣዋጅ 4 -መሰጋገሪ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ
5. ኣዋጅ 5 -መሰጋገሪ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ኤርትራ
6. ኣዋጅ ቁ. 9/1991 -ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ንምቋም ዝወጸ ኣዋጅ
7. ኣዋጅ ቁጽሪ 85/1996-ንናይ ብልሽውና፥ ስርቅን ምጥፍፋእን

ገበናዊ ተግባራት ርእዩ ዝውስን ፍሉይ ቤት ፍርዲ ንምቛም ዝወጸ
አዋጅ

8. Proclamation No. 88/1996 -The Advocates Proclamation
9. ኣዋጅ ቁጽሪ 101/1997 -ንኣዋጅ መሰጋገሪ ትካላት ምምሕዳር ፍትሒ ኤርትራን(ኣዋጅ ቁጽሪ 1/1991) ንኣዋጃት መሰጋገሪ ትካላት ምምሕዳር ፍትሕን ሕጋጋትን ሲቪላውን ገበናውን ስርዓታትን ኤርትራ ንምምሕያሽ ዝወጸ (ኣዋጅ ቁጽሪ 25/1992) ንካልኣይ ግዜን ምምሕያሽ ዝወጸ ኣዋጅ::
10. ኣዋጅ ቁጽሪ 132/2003 -ኮማዊ ቤት ፍርዲ ንምቛም ዝወጸ ኣዋጅ
11. ኣዋጅ ቁጽሪ 133/2003 -ንኣዋጃት መሰጋገሪ ትካላት ምምሕዳር ፍትሒ ኤርትራን (ኣዋጅ ቁጽሪ 1/1991)፥ መሰጋገሪ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ኤርትራን (ኣዋጅ 5/1991) ንምምሕያሽ ዝወጸ ኣዋጅ ቁጽሪ 25/1992 ንሳልሳይ ግዜ ንምምሕያሽ ዝወጸ ኣዋጅ፡፡

**Section 5- Zoba Administration and Local Government**

1. ኣዋጅ ቁጽሪ 86/1996 -ኣዋጅ ምቛም ዞባዊ ምምሕዳራት
2. ኣዋጅ ቁጽሪ 139/2004 - ናይ ባይቶ ኣቓውማ፥ ስልጣን ዕማማትን መሰላትን ግቡኣትን ኣባላቱ ዝምድናታቱን ንምውሳን ዝወጸ ኣዋጅ

**Section 6- Public Service**

1. ኣዋጅ ቁጽሪ 10/1991 -ንጡረታን ናይ ጡረታ ውጽኢትን ክፍሊትን ንምቁራጽ ዝወጸ ኣዋጅ
2. Proclamation No. 135/2003-The National Pension Establishment Proclamation
3. Proclamation No.136/2003 -The Public Sector Pension Proclamation
4. Proclamation No.146/2005 -A Proclamation To Determine The Rights And Obligations Of Employees, Beneficiaries And The Employer Under The Public Sector Pension Fund
5. ኣዋጅ ቁጽሪ 48/1994 -መንግስታዊ ደበስ ንስድራ ስውኣትን ኣገባብ ኣተዓዳድልኡን ንምውሳን ዝወጸ ኣዋጅ
6. Proclamation No. 137/2003 -Martyrs' Survivors Benefit Proclamation

**Section 7- Nationality and Aliens**

1. **ኣዋጅ ቁጽሪ 21/1992 ዓ.ም -ኣዋጅ ዜግነት ኤርትራ**
2. **ኣዋጅ ቁ. 24/1992 -ንኣወሃህባ ሰነዳት መገሻ፣ ምእታው ናብ ወይ ምውጻእ ካብ ኤርትራን፣ ምንባር ወጻእተ ታት ኣብ ኤርትራን ንምቁጽጻር ዝወጸ ኣዋጅ።**
3. **ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 4/1992 ዓ.ም-ሕጋጋት ሰነድ መገሺን ኢምግሬሽንን**

**Section 8- Defence and Armed forces**

1. **ኣዋጅ ቁጽሪ 82/1995 -ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት**
2. **ኣዋጅ ቁጽር 103 /1998 - ብረት ንዝዓጠቑ ተጋደልቲ ብዝምልከት ኣብ መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ንዝሰፈረ ድንጋጌታት ንምስራዝ ዝወጸ ኣዋጅ፡፡**
3. Proclamation No. 113 /2001 -A Proclamation to Establish a National Commission For the Demobilization and Reintegration Program (DRP).
4. Proclamation No.110/2000 -A Proclamation To Establish A Commission For Coordination With The United Nations Peacekeeping Mission
5. Proclamation No. 123/2002 -A Proclamation to Establish the Eritrean Demining Authority

**Section 9- Sea and Maritime Affaires**

1. **ኣዋጅ 7/91 -መሰጋገሪ ሕጊ ባሕሪ ኤርትራ**
2. Proclamation Nº. 84/1996 -A Proclamation to Establish a National Commission on the Zuqar-Hanish Archipelagos Dispute and the Delineation of Maritime Boundary Between The State of Eritrea and The Republic of Yemen.
3. Proclamation No 104/1998 -The Fisheries Proclamation
4. Proclamation No105 /1998 -The Fishery Product Proclamation
5. Legal Notice No 40/1998- The Fishery Product Regulations
6. Legal Notice No 41/1998 -The Fishery Product Hazard Analysis Critical Control Points (HACCP) Regulations
7. Legal Notice No. 68/2003 -Potable Water Regulation In Fishery Product Activities
8. Legal Notice No 65/2003 - Fishery Products Additive Regulations
9. Legal Notice No 66/2003 - Heavy Metals Regulations
10. Legal Notice No 69/2003 -Fishery Product Importation And Exportation Regulations
11. Legal Notice No. 38/98 -The Foreign Fishing Vessel Regulations

12. Legal Notice No 39/1998 - The National Fishing Vessel Regulations
13. Legal Notice No 67/2003-The Factory Vessel Regulations
14. Legal Notice No 64/2003 -The Aquaculture Products Regulations

## Section 10- Information

Proclamation No. 90/1996 -The Press Proclamation

## Section 11- Auditing and Controlling

Legal Notice No. 15/1993 -Regulation to Issue Certificates Of Professional Competence to Private Auditor and Accountants

## Section 12- Financial Institutions, Currency and Insurance

1. Proclamation 32/ 1993 -A Proclamation to Provide For the Regulation of the Monetary and Banking System of Eritrea
2. Proclamation 49 of 1994 -A Proclamation to Provide For the Establishment of the Commercial Bank of Eritrea.
3. Proclamation 91/ 1996 -Proclamation to Provide For the Establishment of Eritrean Development and Investment Bank
4. **ኣዋጅ ቁጽሪ 51/1994 -ናይ ወለድን ክፍሊታትን ኣተማምና ኣዋጅ**
5. Legal Notice No 79/2003 -Regulations to Promote Exports and Remittances
6. Legal Notice 101/2005 -Regulations Regarding Opening Foreign Currency Deposit Accounts, Settlement Of Domestic Transactions, Currency Remittance And Exchange, Travellers Into And Out Of Eritrea And Importers' Obligations.
7. Proclamation No. 93/ 1997-Bank of Eritrea Proclamation
8. Proclamation No. 94/1997 -Financial Institutions Proclamation
9. Proclamation No. 96/ 1997 -A Proclamation to Introduce the Eritrean Currency as A Legal Tender and Terminate the Birr as Legal Tender In Eritrea
10. Legal Notice No.32/ 1997 -Regulations Issued To Determine the Conversion Procedures and Rate from the Birr to the Nakfa
11. Proclamation 106/ 1998 -A Proclamation to Provide For the Issuance of Treasury Securities

12. **ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 8/1992 -ኣብ ዝተፈላልየ ኣገልግሎት ስርዓት ደርግ ከለዋ ብህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ዝተወሰዳን ኢንሹራንስ ዘተከፈለለንን መካይን ብዋናታተን ክሕተተለን ከምዘይከኣል ንምውሳን ዝወጸ ሕጋጋት**
13. Proclamation No. 119/2002 -Compulsory Motor Vehicle Third Party And Fare Paying Public Transport Passenger Insurance Proclamation
14. Proclamation 144/2004 -A Proclamation to Repeal the Proclamation Establishing the National Insurance Corporation of Eritrea as Amended and Facilitate its Privatisation as a Share Company

## Section 13- Customs and Related Taxes

1. Legal Notice No. 36/1998 -Regulation to Reduce Tariff for the Common Market for Eastern & Southern Africa Member State
2. Proclamation No. 112/2000 -The Customs Proclamation
3. Legal Notice No. 52/2001 -Customs Tariff Regulations
4. Legal Notice No.53/2002 -Customs Clearing and Forwarding Agents Regulations
5. Legal Notice No.54/2002 -Reporting Of Imported Goods Regulations
6. Legal Notice No. 55/2002 -Accounting For Imported Goods And Payment Of Duties And Taxes Regulations
7. Legal Notice No.56/2002 -Customs Mail Regulations
8. Legal Notice No.57/2002 -Exported Goods Regulations
9. Legal Notice No. 58/2002 -Importer’s Records Regulations
10. Legal Notice No.59/2002 -Transportation Of Goods Regulations
11. Legal Notice No. 60/2002 -In-Transit Shipments Regulations
12. Legal Notice No 72/2003 -Customs Bonded Warehouse Regulations
13. Legal Notice No.73/2003 -Duty Free Shop Regulation
14. Legal Notice No.74/2003 -Courier Imports Remission Regulations
15. Legal Notice No. 75/2003 -Sale of Unclaimed, Abondened and Seized and Forefieted Goods Regulations
16. Legal Notice No 76/2003 -Postal Imports Remission Regulations
17. Legal Notice No 77/2003 -Regulation On The Storage Of Goods In Customs Posts.
18. Legal Notice No. 82/2004 -Goods for the Disabled Government Assistance Regulations
19. Legal Notice N0. 83/2004 -Non -Governmental Organizations Remission Regulations
20. Legal Notice No. 84/2004 -Samples Remission Regulations

21. Legal Notice No. 85/2004 -Eritrean Relief and Refugee Commission Remission Regulations
22. Legal Notice No. 86/2004 -Temporary Admission Regulations
23. Legal Notice No. 87/2004 -Customs Diplomatic Privileges Regulations

**Section 14- Taxes**

1. **ኣዋጅ 17/1991 -ንኣካለ ስንኩላን ተጋደልትን፣ ጽጉማትን ስድራ ኣካለ ስንኩላን ተጋደልትን፡ ብባህርያዊ ሓደጋታት ዝተጎድኡ ክፋል ሕብረተ-ሰብ ኤርትራን ንምዕንጋል ናይ መሕወይ ግብሪ ንምእካብ ዝወጸ ኣዋጅ**
2. Proclamation No 62/1994 -A Proclamation to Provide For Payment Of Income Tax
3. Legal Notice No. 20/1995 -Income Tax Regulations
4. Proclamation N°. 64/1994 -Sales and Excise Tax Proclamation
5. Legal Notice N° 22/1995 -Sales and Excise Tax Regulation

6. Proclamation No 63/1994 -A Proclamation to Provide For the Payment of Rural Agricultural Income Tax and Cattle Tax
7. Legal Notice No.21/1995 -Rural Agricultural Income Tax and Cattle Tax Regulations
8. Proclamation N° 65/1994 -A Proclamation to Provide For Payment of Stamp Duty
9. Legal Notice N° 23/1995 -Stamp Duty Regulations
10. Proclamation No. 69/1995 -Proclamation to Provide For Payment of Tax on Income from Mining Operation
11. Legal Notice No. 25/1995 -Regulations for the Payment of tax of a Holder of an Artisinal Mining License
12. Proclamation No 109/2000 -A Revised Proclamatiion to Provide For Payment of Income Tax on Petroleum Operations
13. **ኣዋጅ ቁጽሪ 67/1995 - ካብ ኤርትራ ወጻኢ እናነበሩ እቶት ንዝረክቡ ኤርትራውያን ግብሪ ንምክፋል ዝወጽ ኣዋጅ፡፡**

**Section 15- Government Borrowing**

1. Proclamation N° 33 /1993 -A Proclamation to Authorize the Subsidiary Loan Agreement between the Governments of Eritrea and Ethiopia and the Project Agreement between the Government of Eritrea and the International Development Association.
2. Proclamation N° 56/1994 -A Proclamation to Approve the Loan Agreement between the Government of Eritrea and the Kuwait Fund for Arab Economic Development.
3. Proclamation No 57 /1994 -A Proclamation to Provide For the Admission of Eritrea to Membership in the International Monetary Fund, the International Bank for Reconstruction and Development and the International Development Association
4. Proclamation No. 70/1995 -A proclamation to approve the Development Credit Assumption Agreement dated as of 6 July, 1994, between the state of Eritrea and the International Development Association.
5. Proclamation No. 78/1995 -A Proclamation to Approve the Loan Agreement between the Government of Eritrea and the Abu Dhabi Fund for Development
6. Proclamation No.79/1995 -A Proclamation to Approve the Loan Agreement between the Government of Eritrea and the Saudi Fund for Development
7. Proclamation No. 80/1995 -A proclamation to Approve the Loan Agreement between the Government of Eritrean and the Arab Bank for Economic Development in Africa
8. Proclamation No. 81/1995 -A Proclamation to Approve the Loan Agreement between the Government Of Eritrea And The Kuwait Fund for Arab Economic Development
9. Proclamation No. 87/1996 -A Proclamation to Approve the Development Credit Agreement between the Government of Eritrea and the International Development Association.
10. Proclamation No. 97/1997 -A Proclamation to Approve the Loan Agreement between the Government of Eritrea and the African Development Fund
11. Proclamation No.98/1997 -A Proclamation to Approve the Loan Agreement between the Government of Eritrea and the Kuwait Fund for Arab Economic Development
12. Proclamation No.99/1997 -A Proclamation to Approve the Loan Agreement between the Government of Eritrea and the Arab Bank for Economic Development in Africa
13. Proclamation No. 100/1997 -A Proclamation to Approve the Loan Agreement between the Government of Eritrea and the OPEC Fund for International Development

**Section 16- Economic Planning and Development**

1. **ኣዋጅ ቁ. 29/1993 ዓ.ም - “ንግዳዊ ኮርፖሬሽን ቀይሕ ባሕሪ” ንምቛም ዝወጸ ኣዋጅ**
2. Proclamation N° 59/1994 -Investment Proclamation
3. Proclamation No 76/1995 -A Proclamation To Provide For The Admission Of Eritrea To Member Ship In The International Finance Corporation And The Multilateral Investment Guarantee Agency.
4. Proclamation No. 83/1995 -The National Agency For The Supervision And Privatisation Of Public Enterprises
5. Proclamation No. 114/2001 -A Proclamation To Amend The National Agency For The Supervision And Privatisation Of Public Enterprises Proclamation No. 83/1995.

**Section 17- Public Work and Construction**

1. Proclamation No. 147/2005 -A Proclamation To Regulate Construction Activities

**Section 18- Mines and Energy**

1. Proclamation No.108/ 2000 -A Revised Proclamation To Govern Petroleum Operations.
2. Legal Notice No. 45/2000 -The Revised Regulations on Petroleum Operations
3. Proclamation No. 68/1995 -A Proclamation to promote the development of mineral resources
4. Legal Notice No.19/1995 -Regulations on Mining Operations
5. Proclamation No. 141/2004 -The Electricity Proclamation
6. Proclamation No.142/2004 for the Eritrean Electric Corporation Establishment Proclamation
7. Proclamation No.157/2006- Eritrean National Mining Corporation Establishment Proclamation.

**Section 19- Transport and Communication**

1. Proclamation No 102/1998 -Communications Proclamation
2. Proclamation No. 53/1994 -A Proclamation to Provide for the Establishment of an Eritrean Information System Agency

3. Proclamation No. 134 /2003 -The Eritrea Telecommunication Services Corporation Proclamation
4. Legal Notice No. 37/1998 -Regulations on Telecommunications Equipment Suppliers and Installers
5. Legal Notice No. 43/1998 -Regulations on Telecommunications Networks and Services
6. Proclamation No. 111/2000 -The Land Transport Proclamation
7. Proclamation No. 130/2003 -The Civil Aviation Proclamation
8. Proclamation No 77/1995 -A Proclamtion To Regulate The Registration Of Eritrean Ships
9. Legal Notice No. 46/2000-The Eritrean Port Regulations
10. Proclamation No. 148 /2005 -A Proclamation To Establish The Massawa Port Authority And The Assab Port Authority
11. Proclamation No. 149/2005 -A Proclamation To Establish Dock Labour Supply Agency
12. Proclamation No. 150/2005 -A Proclamation To Establish Maritime Shipping Services Corporation (MASSCO)
13. Proclamation No. 151/2005 -A Proclamation To Establish Finan Ships And Port Services Corporation (FISAPS)
14. Proclamation No. 154/2006 -The Road Traffic Proclamation

**Section 20- Commerce Industry and Standards**

1. **ኣዋጅ 6 -መሰጋገሪ ንግዳዊ ሕጊ**
2. **ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 9/1993 -ብኛምላ ወይ ብንጽል ኣቑሑ ዝሸጡ ነጋዶ ወይ ዋጋ እናተከፍሎም ኣገልግሎት ዝህቡ ሰባት ናይ ሕሳብ መዝገብ ክሕዙን ቅብሊት ንዓደግቲ ወይ ተገልገልቲ ክህቡን ዓደግቲ'ውን ብዘይ ቅብሊት ኣቕሑ ከይዕድጉ ወይ ዋጋ ኣገልግሎት ከይከፍሉ ንምቁጽጻር ዝወጸ ሕጋዊ ምልክታ፣**
3. **ኣዋጅ ቁጽሪ 34/1993 - ኣዋጅ ንግዲ ውሽጢ ሃገር**
4. **ሕጋዊ ምልክታ ቁ .10/1993 -ሕጋጋት ንግድ ውሽጢ ሃገር**
5. **ኣዋጅ ቁጽሪ 35/1993 -ኣዋጅ ንግድ ወጻኢ**

6. Proclamation No 125/2002 - The Unfair Trade Practices Proclamation
7. Proclamation No. 124/2002 -The Business Information Register Proclamation
8. Proclamation No. 128/2002 -A Proclamation to Amend the Business Licensing System Control and the Business Licensing Office Establishment Proclamation No.72/1995
9. **ኣዋጅ ቁጽሪ 31/1993 -ካብ ዝተዋህቦም ፍቓድ ሊቸንሳ ወጻኢ ኣብ ካልእ ስራሕ ተዋፊሮም ንዝተረከቡ ሰባት ንምቕጻዕ ዝወጸ ኣዋጅ**
10. **ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 30/1997 - ቤት ምክሪ ንግዲ ኣስመራ ንምዕጻው ዝወጸ ሕጋዊ ምልክታ**
11. Proclamation No. 115/2001 -The Eritrean Free Zones Proclamation Part one - Preliminary
12. Legal Notice No.78/2003 -Regulations Regarding Import Permits and Declared Goods
13. Proclamation No 75/1995 -A Proclamation to Provide For the Establishment of the Eritrean Standards Institution
14. Legal Notice Number 33/1997 -Regulations to Declare Eritrean Standards
15. Legal Notice No.47/2000 -First Addendum (Legal Notice No.33/1997) Regulations to Declare Eritrean Standards
16. Second Addendum to the (Legal Notice No.33/1997) Regulations to Declare Eritrean Standards
17. Legal Notice Number 34/1997 -Standard Mark and Fees Regulations
18. Legal Notice Number 48/2000 -First Addendum To The (Legal Notice No.34/1997) Standards Mark And Fees Regulations
19. Legal Notice No.97/2004 -Second Addemdum To The (Legal Notice No.34/1997) Standards Mark And Fees Regulations
20. Legal Notice Number 35/1997 -Weights And Measures Regulations

## Section 21- Tourism

1. Proclamation No.152 /2006 -The Tourism Proclamation
2. Legal Notice NO.104 /2006 -Regulations to Issue Permit for Operating Hotel or Tour Supplementary Accommodation Establishment
3. Legal Notice No.105/2006 - Regulation to Issue Permit of Operating Restaurant and food Catering Establishments
4. Legal Notice No.106/2006 -Regulations to Issue Permit of a Tour Operator or Travel Agent
5. Legal Notice No. 107 /2006 -Regulations to Issue A Permit To A Tour Guide

6. Legal Notice No.108 / 2006-Regulations to Issue permit of Operating Tourist Pleasure Craft or Boats

**Section 22- Agriculture**

1. **ኣዋጅ ቁ. 30/1993-ዓ.ም. -“ናይ እክሊ ቦርድ” ንምቑም ዝወጸ ኣዋጅ**
2. Proclamation No.156/ 2006 -Plant Quarantine Proclamation
3. Legal Notice No. 114/2006 -Regulations for Importation, Handling, Use, Storage and Disposal of Pesticides
4. Legal Notice No. 113/2006 -Regulations to Determine the Requirements and Standards for Milk and Milk Products Processing Plants
5. Proclamation No.155/2006 -The Forestry And Wildlife Conservation And Development Proclamation
6. Legal Notice No. 111 / 2006 -Regulations for the Issuance of Forestry Permits
7. Legal Notice No. 112/2006 -Regulations For The Issuance Of Wildlife Permits

**Section 23- Water**

**Section 24- Housing and Land**

1. **ኣዋጅ ቁጽሪ 16/1991ዓ.ም - ኩሉ ዓይነት/ዝተሃገረን ዘይተሃገረን/ ዋንነት ኣባይትን ካልእ ቀዋሚን ተንቀሳቓስን ንብረት ናይ ዘጻሪን ዘረጋግጽን ሕጋዊ ምስክር ወረቐት ዋንነት ንብረት ዝህብን ኮሚሽን መቘሚ ኣዋጅ።**
2. **ኣዋጅ ቁጽሪ 27/1992 -ክራይ ኣባይትን ዝምድናታት ኣካረይትን ተካረይትን ንምውሳንን ምቁጽጻርን ዝወጸ ኣዋጅ፣**
3. **ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 13/1993 -ስርዓት ደርግ ብዘይ ኣገባብ ዝዓደሎ ዶመንያለ መሬት ሓልሓለ ናብ መንግስቲ ንምምላስ ዝወጸ ሕጋዊ ምልክታ**
4. **ኣዋጅ ቁጽሪ 38/ 1993 -ግዝያዊ ምምሕዳር ክራይ ኣባይትን ዝምድናታት ኣካረይትን ተካረይትን ንምውሳንን ምቁጽጻርን ናይ ዝወጸ ኣዋጅ**
5. **ኣዋጅ ቁጽሪ 107/2000- ኣብ ውዕል ክራይ ገዛ ንዝግበር ናይ ክራይ ክፍሊትን ናይ መተዓራረዩ ገዛ ናይ ገንዘብ ትሕጃን ምቕዳም ስምምዕ ንምቁጽጻር ዝወጸ ኣዋጅ**

6. Legal Notice No.94/2004 -Regulations to Control Private Residential House Rent In Zoba Maekel
7. Legal Notice No. 109/2006 -Regulations to Determine Private and Governmental Non-Residential House Rent In Zoba Maekel
8. **ኣዋጅ ቁጽሪ 58/1994 -ስርዓት ትሕዝቶ መሬት ኤርትራ ንምቕያር፣ ኣጠቓቕማ መሬት ንምውሳን፣ ኣገባብ ኣወሳስዳ ንልምዓትን ዳግመ-ህንጻ ሃገርን ዝውዕል መሬት ንምውሳንን ስልጣን ሓላፍነት ኮሚሽን መሬት ንምውሳንን ዝወጸ ኣዋጅ፡፡**
9. **ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 31/1997 -ኣገባብ ምርሒትን ኣመሓድራን መሬት ንምውሳን ዝወጸ ሕጋጋት**
10. **ኣዋጅ ቁጽሪ 95/1997 -ምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ንምውሳን ዝወጸ ኣዋጅ**

**Section 25- Internal security**

**Section 26- Education, Culture and Sport**

1. **ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 1/1991 -ኣቃወማን ኣካይዳን ዘይመንግስታዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንምውሳንን ንምክትታልን ዝወጸ ሕጋጋት**
2. **ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 2/1991- ዝምድና መንግስቲ ኣብያተ ትምህርትን ወለድን ንምውሳንን ንምክትታልን ዝወጸ ሕጋጋት**
3. Proclamation No. 131/2003 -A Proclamation to Provide For the Establishment of the Eritrean Sports Commission

**Section 27- Public Health**

1. **ኣዋጅቁ. 36/1993-ንመድሃኒት፣ መሳርሒ ሕክምና ኮስመቲካትን ድልዋታት ንጽህናን ንምቁጽጻር ዝወጸ ኣዋጅ**
2. **ኣዋጅ ቁጽሪ 74/1995 -ንብሕታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ንምቁጽጻር ዝወጸ ኣዋጅ**
3. Proclmation No. 143/2004 -A Proclamation To Provide For Tobacco Control

**Section 28- Labour and Social Affairs**

1. **ኣዋጅ ቁጽሪ 89/1996 -ንጡፍ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብግቡእ ዘማልኡ ዜጋታት ኣብ ስርሖም ዝምለሱሉን ስራሕ ዝቖጸሩሉ ኩነታት ንምውሳን ዝወጸ ኣዋጅ**

2. **ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 27/1996 -ንጡፍ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብግቡእ ዘማልኡ ናብ ስርሖም ዝምለስሉን ስራሕ ዝቑጸርሉን ሕጋጋት**
3. Proclamation No. 118/2001 -The Labour Proclamation of Eritrea
4. Proclamation No 126 /2002 -Proclamation to Provide For the Registration Of Eritreans Working in Embassies and International Organisations in Eritrea
5. Proclamation No 127 /2002 -A Proclamation to Provide For the Registration of Foreigners Who Reside, Work or Engage In Business In Eritrea
6. Legal Notice No 80 /2003 -Regulations to Issue Work Permit to Non-Nationals
7. Proclamation No 129/ 2003 -A Proclamation To Establish The National Drought Relief Coordinating Committee

**Section 29- Religious Affaires**

1. **ኣዋጅ ቁጽሪ 73/1995 -ንጥፈታት ሃይማኖታትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ብሕጊ ንምንጻርን ንምስራዕን ዝወጸ ኣዋጅ**

**Section 30- Criminal Provisions outside Penal Code**

**Section 31- Awards Honours and Medals**

**Section 32- “Day”, “Week” and “Month” Proclamation**

**ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 29/1996 –ህዝባዊ በዓላት ንምውሳን ዝወጸ ሕጋጋት**

**Section 33- Environmental Laws**

Legal Notice No 63/2002 -Regulations To Prohibit The Production, Importation, Sale Or Distribution Of The Plastic Bags In Eritrea

**Section 34- Diaspora Affaires**

**ኣዋጅ ቁጽሪ 121/2002 -ኮሚሽን ጉዳያት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ንምቛም ዝወጸ ኣዋጅ**

**Section 35- Veteran Laws**

## Section 36- Private Chartered Bodies and NGOs

1. **ኣዋጅ ቁጽሪ 60/1994-ስልጣንን ዕማማትን ትካል ረዲኤትን ተሃድሶን ኤርትራ ንምውሳን ዝወጸ ኣዋጅ**
2. **ኣዋጅ ቁጽሪ 61/1994- ንጥፈታት ዘይመንግስታውያን ውድባት ንምምሕዳር ዝወጸ ኣዋጅ**
3. Proclamation No. 145/2005 -A Proclamation to Determine the Administration of Non-Governmental Organizations

## Section 37- National Heritage

## Section 38- Science and Technology

Proclamation No. 122/2002 -The Eritrean Science And Technology Development Agency Establishment Proclamation